

# ምርግጋጽ ጊዴዎን

ብዳንኤል ተስፋይ

ኣብ ዝሓለፈት “ብስራት” ሕታም ቍጽሪ 37፡ ናይ ሓምለ 2003፡ “ጽውዓ ጊዴዎን” ብዝብል ኣርእስቲ፡ ነቲ ካብ ደቒ ዓሌት ምናሴ ዝኾነ፡ ካብ ቤት ኣቡኡ ኸኣ ዝነኣሰ ጊዴዎን፡ እግዚኣብሄር ንሓደ ዓቢ ኣገልግሎት ኺጽውዖ ኸሎ ኣስተብሂልና።

ከምኡ'ውን፡ ጊዴዎን ፈሪሁ፡ እዋንን ኩነታትን መሪጹ፡ ኣብ መጽሞቕ ወይኒ ተሓቢኡ እኽሊ እናዘበጠ፡ መልኣኽ፡ “ኣታ ሓያል ጅግና እግዚኣብሄር ምሳኻ እዩ፡” ስለዚ ድማ፡ “ንሚድያውያን ከም ንሓደ ሰብኣይ ኽትወቕዖም ኢኻ፡” ከም ዝበሎ ኸኣ ርኢና። ቀጺልና፡ ጊዴዎን ዝገበሮ ነስተብህል።

ጊዴዎን ነዚ ዓቢ ሽመትን ብስራትን ምስ ሰምዐ፡ መልኽት ኣልዒሉ ስምዑለይ ርኣዩለይ፣ እግዚኣብሄር ተዛሪቡኒ ኢሉዶ ይኸውን? እስኪ ኣብ መጽሓፍ መሳፍንቲ ኣብ ምዕራፍ 6፡17-24 ተጻሒፉ ዘሎ ነስተብህሉ። “ንሱ ኸኣ፡ ኣብ ቅድሜኻ ሞገስ እንተ ደኣ ረኺበስ፡ እትዛረበኒ ዘሎኻ ንስኻ ኸም ዝኾንካ ምልክት ሃበኒ። መስዋእተይ ኣውጺኤ፡ ናባኻ መጺኤ፡ ኣብ ቅድሜኻ ክሳዕ ዘቕርበልካስ፡ በጃኻ ካብዚ ኣይትኺድ፡ በሎ። ንሱ ድማ፡ ክሳዕ እትምለስ ክጸንሓካ እየ፡ በሎ። ሽዑ ጊዴዎን ኣትዩ ሓደ ማሕስእን ሓደ ኤፋ ሓርጭን ቅጫ ሰንኪቱ ኣዳለወ። ነቲ ስጋ ኣብ ሰፍኢ፡ ነቲ መረቕውን ኣብ ቍራዕ ገበሮ። ኣብ ትሕቲ ድዋ ኣውጺኡ ድማ ናብኡ ኣቕረበሉ። እቲ መልኣኽ ኣምላኽ ከኣ፡ ነቲ ስጋን ነቲ ቕጫን ኣብዚ ኸውሒ እዚ ኣንብሮ ነቲ መረቕውን ኣፍስሶ፡ በሎ። ከምኡ ድማ ገበረ። ሽዑ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ጫፍ እታ ኣብ ኢዱ ዝነበረት ዘንጊ ሰዲዱ ነቲ ስጋን ቅጫን ተንከዮ እሞ ሓዊ ኻብቲ ኸውሒ ወጺኡ፡ ነቲ ስጋን ቅጫን በልዖ፡ እቲ መልኣኽ እግዚኣብሄር ድማ ካብ ኣዒንቱ ተሰወረ። ሽዑ ጊዴዎን ንሱ መልኣኽ እግዚኣብሄር ከም ዝኾነ ረኣየ። ጊዴዎን ከኣ 'ወይለይ እግዚኣብሄር ኣምላኽ፡ ንመልኣኽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ገጽ ንገጽ ርእየዮ፡' በለ። እግዚኣብሄር ድማ፡ ሰላም ንኣኻ ይኹን፡ ኣይትመውትን ኢኻ፡ በሎ። ሽዑ ጌዴዎን ኣብኡ፡ ንእግዚኣብሄር መሰውኢ ሰርሔ። ሰላም፡ ኢሉ ኸኣ ሰመዮ። ንሱ ድማ ክሳዕ ሎሚ ኣብቲ ናይ ኣቢዔዝራውያን ዕፍራ ኣሎ።”




እምበኣርሲ ከምቲ ዘንበብናዮ ጊዴዎን ነቲ መልእኽቲ ምስ ሰምዐ፡ “እትዛረበኒ ዘሎኻ ንስኻ ከም ዝኾንካ ምልክት ሃበኒ” ኢሉ ነቲ መልኣኽ ኺሓትት ከሎ ርኢና። ጊዴዎን ምልክት ዘሕተቶ ምኽንያት ኸረጋግጽ፡ ነዚ ዚሕግዞ ድማ መስዋእቲ ከዳሉ እሞ፡ ነቲ መስዋእቲ ክበልዓሉ ስለ



ዝደለየ እዩ።

እቲ መልኣኽ ድማ ነቲ መስዋእቲ ክሳዕ ዜዳሉ ኣብታ ቦታ ኰይኑ ተጸበየ። ኰነ ኸኣ፡ ነቲ መስዋእቲ፡ ሓዊ ካብቲ ኸውሒ ወጺኡ በልዖ። እቲ መልኣኽ ከኣ ተሰወረ።

ነዚ ዓብዪ ምልክት ካብ እግዚኣብሄር ምስ ረኣየ፡ ወይለይ! ...ንመልኣኽ እግዚኣብሄር ኣምላኽ ገጽ ንገጽ ርእየዮ፡ ክሳዕ ኣብ ምባል በጽሐ። ሕጅስ ሚእቲ ኻብ ሚእቲ ተረጋጊጹሉ እዩ፣ እቲ ዕዮኡ ኺጅምር እዩ የብለና ይኸውን። እንተኾነ ግና ቁሩብ ጥቕስታት ዘለዋና ካብ 36-40 ምስ እነንብብ ጊዴዎን ከም ብሓድሽ ካልእ መረጋገጺ ዝኾኖ ነገር ከምዚ ዚስዕብ ብ ክሓትት ከሎ ነንብብ፡

“ጊዴዎን ድማ ንኣምላኽ፡ ከምቲ እተዛረብካዮ ንእስራኤል ብኢደይ ተድሕኖ እንተ ዄንካስ እንሆ ኣነ እዚ ቍሩጽ ጸምሪ እዚ ኣብ ዓውዲ ኤንብር ኣሎኹ። ኵላ ምድሪ ንቕጽቲ ኸላ ኣብዚ ጸምሪ ጥራይ ዛዕዝዓ እንተ ኾነ፡ ሽዑ ኸምቲ እተዛረብካዮ፡ ንእስራኤል ብኢደይ ከም እተድሕኖ እፈልጥ፡ በሎ። ከምኡ ድማ ኾነ። “... ጊዴዎን ድማ ንኣምላኽ፡ ሓንሳእ ጥራይ ክዛረብ፡ ቍጥዓኻ ኣባይ ኣይንደድ፡ በቲ ጸምሪ ሓንሳእ ጥራይ ክፍትን በጃኻ። እምበኣርሲ እቲ ጸምሪ ጥራይ ንቑጽ፡ ኣብ ብዘላ ምድሪ ድማ ዛዕ ዝዓ ይኹን፡ በሎ። ኣምላኽ ድማ በታ ለይቲ እቲኣ ኸምኡ ገበረ፡ ...”

ኣብታ ቐዳመይቲ ለይቲ ጊዴዎን ከምቲ ዝለመኖ ኰይኑ ምስ ጸንሖ፡ ነዚ ተራእዩን ተሰሚዑን ዘይፈልጥ ተኣምራት እግዚኣብሄር ኣርእዩኒ እዩ እሞ፡ ይኣክል ኣይበለን። ተመሊሱ ሓንሳእ ጥራይ ክፍትን ኢሉ ንኻልኣይቲ ለይቲ ድማ ካብታ ቐዳመይቲ ዝኸበደት ሕቶ ሓተተ።

እቲ ጽሑፍ ከም ዚሕብሮ፡ ጊዴዎን ንእግዚኣብሄር ኣይኰነን ዝፈታተኖ ነይሩ፡ ወይ ከኣ ንእግዚኣብሄር ንምእማን ጩኒቕዎ ኣይኰነን። ግናስ ነቲ ዝሰምዖ ዘሎ ዓቢ ብስራት ሓቂ ምዃኑ፡ እግዚኣብሄር ንዓቢ ዕዮ ይውፍዮ ከም ዝነበረ ኺረጋግጽ እዩ ዝደሊ ነይሩ።

ኣብዚ ኽንስተብህለሉ ዘሎና እምበኣር፡ እግዚኣብሄር ምሉእ ምርዳእ ምእንቲ ኺህልወና፡ ኽንሓትቶን ኽንመራመርን ከም ዝደልየና ኣረጋጊጽና ኽንፈልጥ ይግባእ። ርዱኣት ኴንና ንኽንዓዩ፡ ኣስተውዒልና ንኽንገብር፡ ኽንሓትትን ኽንመራመርን ኣዝዩ ኣድላዪ እዩ።

ካብ ዛንታ ናይ ጊዴዎን ውጽእ ኢልና ኣብ ወንጌል ሉቃስ ኣብ ምዕራፍ ሓደ ምስ እንርኢ፡ እግዚኣብሄር መልኣኹ ልኢኹ ኽልተ ሰባት፡ ዘካርያስን ማርያምን፡ ንኽትኣምኖ ዜሸግር ብስራት ኽነግሮም ከሎ ነንብብ። ክልቲኦም ድማ ነቲ ብስራት ምስ ሰምዑ ነቲ መልኣኽ ሕቶ ሓተትዎ። ዘካርያስ፡ “ኣነስ ኣረጊ እየ ሰበይተይ ኸኣ ዕለታ ሓሊፉ እዩ እሞ፡ ነዚ ብምንታይ ኽፈልጦ እየ? በሎ።” ማርያም ድማ፡ “እዚኸ ሰብኣይ ከይፈለጥኩ ከመይ ኢሉ ክኸውን እዩ በለቶ፡”

ናይ ክልቲኦም ሕቶ ሓደ እኳ እንተ መሰለ፡ እቲ መልኣኽ ካብ ዝሃቦ መልሲ ካብ እንርድኦ፡ ዘካርያስ ዝሓተቶ ስለ ዘይኣመኖ ከም ዝነበረ እሞ፡ ዓባስ ከም ዝኾነ፣ ማርያም ዝሓተተቶ ግና ስለ ዘይተረድኣ፡ ሓደ ብሓደ ኽገልጸላ ኸሎ

ንርኢ። እቲ ሽግር ሕቶ ምሕታቶም ኣይኮነን። እንታይ ደኣ እቲ ኣብ ልቦም ዝነበረ ሓሳባት እዩ። እዚ ማለት፡ እቲ ካብ ዘይምእማን ተላዒሉ ዝሕተት ሕቶን እቲ ሓቤሬታ ደሊኻ ዚሕተት ሕቶን ነንበይኑ እዩ።

እምበኣርሲ ሓይልን ክእለትን እግዚኣ ብሄር ተረዲእናን ኣሚንናን፡ እቲ ክኸውን ዝብሃል ዘሎ ነገር ግና ከመይ ኢሉ እዩ ክኸውን ኢልና ምሕታት ዓቢዩ ረብሓ ኣለዎ።

ኣሕዋተየ፡ ንሕና'ውን እምበኣር ብዛዕባ ኣገልግሎት ይኹን ብዛዕባ ካልእ መንፈሳዊ ጉዳያት፡ ብዙሕ ነገር ኽንሰምዕን ክስምዓ ናን ይኽእል እዩ። ነቲ ኹሉ እንሰምዮን ዝስምዓናን ግና ኽንምርምሮን ሓቅነቱ ኸኣ ኣጥቢቕና ኽነረጋግጽ ይግብኣና። እዚ ጊዜ ዝሓትት ነገር ኽከውን ይኽእል። ኣብ ኣገልግሎትና ዓቢ ጸገም ዝኾነና ታህዋኽ እዩ። እቲ መልኣኽ ንጊዴዎን ኻኸይጽበዮ ዘህውኽ ነገር ኣይነበሮን። ንዓና'ውን ጊዜ ምውሳድና ነቲ እግዚኣብሄር ዝሃበና ቃል ተስፋ ኻኸይፍጸም ዝኽልክሎ ኣይኮነን።

ከም ጊዴዎን፡ እቲ ንምልክት ኢልና እንሓትቶ፡ ወይ ብኣጋጣሚ ክኸውን ዝኽእል፡ ወይ ከኣ ብመልዓታዊ ኸጋጥም ዝኽእል ነገር ዘይኮነስ፡ ተኣምራታዊ ዝኾነ፡ ዘየዋላውል ክኸውን ይግባእ። እዚ ድማ ከምቲ ጊዴዎን ነቲ ዕዮ ገና ቅድሚ ምጅማሩ ኸረጋግጽ ዝሓለነ፡ ኣብ መጀመርታ ንግበሮ። እዚ ምስ እንገብር፡-

1. እናጸንሐ ካብ ዝመጸና ዘጠራጥር ሓሳባት ናጻ ኻኸውን። ብቐደሙስ፡ እምበርዶ ትኽክል እየ ነይረ ኣብ ምባል'ውን ኣይንኣቱን።
2. ሽግር ኣጋጢሙና ካብቲ ዝጀመርናዮ ዕዮ ከነግልስ ምስ እንደሊ ከም መልህቕ ዝሓዘና ሓቂ ኣብ ልብና ይህሉ።
3. መሰረት ናይ ኣገልግሎትና ናይ ካልኦት ሰባት ሚዛን ኣይከውንን።
4. ነቲ ንገብሮ ዓብዪ እምነት ይህልወና። እግዚኣብሄር ኢሉኒ እዩ፤ ኺፍጽም ድማ እዩ፤ ኢልና ብዘይ ጥርጥር ኣብ ኣገልግሎትና ኽንስጉም ይድግፈና።

## ክቡራት ኣሕዋት

ስለቲ ዘይሕለል ጸሎትኩምን ሓልዮትኩምን ከምኡ'ውን ንኣገልግሎት ናይ ብስራት ሕብረት ወንጌላውያን፡ እትገብርዎ ንዋታዊ ይኹን ቁጠባዊ ደገፋት ኵሉ ልባዊ ምስጋና ነቕርብ።

ከምቲ ዝሓበርኩምና፡ እቲ ኣብ መበል 21 ዓመታዊ ጉባኤን ቅድሚኡን <u>ዝተማባጻዕኩሞ መብጽዓ</u> እንሆ ነዘኻኽርረኩም ኣሎና። ቸክኩም ናብ Besserat Evangelical Society ንምግባር ኣይትረስዑ። ኣድራሻ፡

142 King Avenue
Columbus, OH 43201

መብጻዓኹም ክንደይ ምዃኑ ምዝካር ምስ ዘድልየኩም እውን፡ ንምሕታትና ድሕር ኣይትበሉ።

ብ.ሕ.ወ.